ተልዓሎም፡ ወኪላት ምእመናን ምስ ካህናቶም[55] ኮይኖም ንመሰል ሃይማኖቶም "አቤት" ክብሉ ኣብ ሚያዝያ 1908 ዓ.ም. ብእግሪ ተጓዒዞም፡ ኣብ ደሴ ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ሚካኤል፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከዓ ኣብ ቅድሚ ልጅ ኢያሱ ኣብ ዘቕረብዎ ናይ ሃይማኖት ነፃነት ኣቤቱታኦም፡ ካቶሊካዊ ሃይማኖት፡ ንቱ ቀደም ዝነበሮም ሓደሓደ ጊጉይ ባህልን ኣሠራርሓን ቀይሮም፡ ፍቕሪ ሃገርን ማኅበራዊ ሥርዓትን ክኽተሉ ከምዘኽኣሎም ከረድኡ ከም ኣብነት ገይሮም ዘቕረብዎ ናይ ቀደም ሆራ ኢዩ።



[55] ካህናት፡-ኣባ "ዮሴፍ ግሩዞ"ን (Fr.Edward Gruson) ኣባ ተስፋሥላሴ ወልደገሪማን "ኣባ" ገብረእግዚኣብሔርን (ፊተውራሪ ካሕሣይ) እንክኾኑ፡ ብ28 ሚያዝያ 1908 ዓ.ም. ካብ ዓሊተና ተንሂኦም ብባሕሪ (ኣሥመራ-ምጽዋዕ-ጂቡቲ-ኣዲስ ኣበባ)፡ ወኪላት ምእመናን ከዓ፡- ኣይተ ዓዶዑማር (ጉዕሽ) ሓሊቦን ኣይተ ምንሊክ ወልደጊዮርጊስን፡ ብ27 ሚያዝያ 1908 ዓ.ም. ካብ ዓሊተና ነቒሎም ብእግሪ ናብ ደሴ-ኣዲስ ኣበባ ከዱ። ምስ ካህናቶም ብ12 ሰነ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተራኸቡ። ብ21 ሓምለ 1908 ብልጅ ኢያሱ ብይን ነፃነት ሃይማኖት ተጽሓፈሎም።



# መ/ ስነቁጠባዊ ሕይወት (ምጣነ-ሃብቲ)

ምጣነ-ሃብትን ኩነታት መነባብሮን ናይ ዓዲ ኢሮብ ምስ'ቱ ናይ'ዙ ዓዲ ናይ መሬት ተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣ ዝተተኃኃዘ ኢዩ። እምብዛኡ ቆላ መሬት ክበሃል እኳ እንተዘይተኽኣለ፡ ኣብ ምብራቃዊ ዞባ ኣብ ዝርከቡ ቆላማ ከባቢ ክጠቓለል ይከኣል፣ ኣብ ውሽጡ ግን መጠነኛ ዝኾኑ እምባታት፡ መይዳታት፡ ስንጭሮታትን፡ ሩባታትን፡ በረኽቲ ቦታታትን ይርከቡዎ። ኣብ ዓጋመ እንካብ ዝርከባ ዝዓበያ እምባታት[56]፡ "ዓሲምባ" (3205 ሜ.) ኣብ ደቡባዊ፡ "ዷምባ-ኮማ"ን (2860 ሜ.) "ሳራጉምበ"-ዓይጋን (2854 ሜ.) ከዓ ኣብ ማእኸላይ ክሊ ዓዲ ኢሮብ ኢየን ዝርከባ። ኣየሩ ከከም ከባቢኡ፡ ኣብ በረኽቲ ቦታታት ዝሕል ዝበለ እንክኾን ኣብ ትሕት ዝበለ ከባቢ ሙቒ ኢዩ።

ብሓፈሻኡ ናይ ሎሚ ሳሆ ተናጋሪ ሕዝቢ ኢሮብ ዝመሓዳደር ብሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ንህብን ኢዩ። እንተኾነ ግን ብምኽንያት ኣቀማምጣ መሬትን ዋሕዲ ዝናብን ሕርሻዊ እቶት ዝተሓተ ኢዩ። ኦምን ሓመድን እናጠፍኤ ብዝመጸ እንስሳ ዘቤትን ንህብን'ውን እናወሓዱ ኢዮም (እንስሳ ዘገዳም'ውን) ። ብዙ ምኽንያት ከዓ ዓመታዊ እቶቱ ስለዝውሕድ እቱ ሕዝቢ ንሓደጋ ተረዳእነት ተጋሊፁ ይርከብ። ብኣንጻር እዙ ኩነታት ግን ሕዝቢ ኢሮብ ተፈጥሮ-ከባቢኡ ኣብ ጥቕሚ ኣውዒሉ ጸገማቱ ክዋጻእ ቃልሱ ናባኡ መሊሱ ይርከብ። ብፍላይ ኣብዙ ሎሚ ጊዜ፡ ገባር ንናይ ሕርሻ ጥቕሚ ዋና ትዂረት ዝገብረሉ ሥራሕ፡ ስንጭሮታት ደልዲልካ ግራውቲ መደባት ብምውጻእ እቱ ዝዘንም ማይን ዝሸርሸር ሓመድን ኣብቱ ልምዓት (ግራት) ተዓቂቡ ጥቕሚ ዝህበሉ ናይ ሕርሻ ዘዴ ኢዩ። "ዷልዷል" ብዝብል ስያሜ፡ ኣብ ግድምታት (slopes) ኮነ ኣብ ስንጭሮታት ብምድልዳልን ዛላታትን ከትርታት ብምሥራሕ ንሕርሻ ዘገልግሉ ቦታታት ምምሽሻው እንካብ ንውሕ ዝበለ ጊዜ ጀሚሩ ልሙድ ከምዝነበረ ዘርእዩ ናይ ገባር ናይ ግሊ ሥራሓት ይርከቡ ኢዮም። እንተኾነ ግን ኣብዙ ከባቢ ብዘመናዊ ኣሠራርሓ ናይ ልምዓት ሥራሓት ክጠናከር ዝኸኣለ፡ ካብ ቅድሚ 23 ዓመት ንክልተ ዓመት ኣብ'ቱ ዓዲ ብምቕማጥ መጽናዕታዊ ሥራሑ ዘካየደሉ ዶክተር ብሩኖ ስትረበል (Dr Bruno Strebel, Geographer-Environmentalist) ዝበሃል ወዲ

[56] ካብ ፀፍሒ-ባሕሪ ንውሓተን፡ ዓንዴል 3242 ሜትሮ፡ ዓሎቓ 3028 ሜትሮ፡ ማዕቢኖ 3025 ሜትሮ ይኸውን። ዓውዳ፡ ዷ(ደ)ብራ፡ ኣይዷሮ፡ [illegible] ክጥቀሳ ይከኣል።